# ብናጻን ብሕሳር ዋጋን ዝወሃብ መግቢ ቤት-ትምህርቲ
# ምልክታን ናይ ብቑዕነት መጻረዪ ቅትዕታትን

ትምህርቲ ዓመት_____-_____

ናይ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት መምርሒታት

እዚ ጥራዝ ዝስዕቡ ቅጥዕታት ዝሓዘ እዩ፥

**ናይ ግድን** ንስድራ-ቤት ክወሃብ ዝግባእ ኣድላዪ ሓበሬታ

- ንስድራ-ቤት ዝወሃብ ደብዳቤ
- ንብናጻን ብሕሳር ዋጋን ዝወሃብ መግቢ መመልከቲ
- (ምቕባል ወይ ምንጻግ ረብሓ ወይ ምንጻግ ንስድራ-ቤት ዝሕብር (ስድራ-ቤት እንተተነጺጉ ክሕበር ኣለዎ)

**ናይ ግድን** ንምጽራይ ብቕዓት ዝተመርጹ ስድራ-ቤት ክወሃብ ዝግባእ ሓበሬታ

- ንመጻረዪ ብቕዓት ከምዝተመርጹ ዝሕብር
- ውጽኢት ናይ ዝተገበረ ምጽራይ ዝሕብር ደብዳቤ

**ከምኣድላይነቱ** ንስድራ-ቤት ክወሃቡ ዝኽእሉ ጽሑፋት

- ምስ ሜዲኬድ/ኤስቺፒ ሓቤረታ ምልውዋጥ
- ምስ ካልኦት ፐሮግራማት ሓበሬታ ምልውዋጥ
- ናይ ረብሓ ምቕባል ወይ ምንጻግ ንስድራ-ቤት ዝሕብር (ስድራ-ቤት እንተተነጺጉ ክሕበር ኣለዎ)
- ናይ ቀጥታዊ ምስክርነት መሔበሪ

እዘን ገጻት ኣብ 8.5 in - 11 in ወረቐት እየን ዝሕተማ። ገሊኡ ገጻት'ውን ብቅድሚትን ብድሕሪትን ዝሕተም እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ዝወሃብ ናይ ኣገልግሎት/ረብሕታት ከተለልይዎ ይግባእ፤ ንኣብነት ድሕሪ -ትምህርቲ ዝወሃብ ጠዓሞት። እቲ **[bold, bracketed fields]**ብፍላይ ንናይ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት ዝትንክፍ ሓበሬታ ኣበይ ከምዝኣቱ ዘመልክት እዩ። ንኣብነት ናይ ዲስትሪክት ብናጻ መደወሊ ቁጽራ-ስልኪ ኣብቲ ናይ ብቕዓት መጻረዪ ወረቓቕቲ ከተእትውዎ ይግባእ። እዞም ወረቓቕቲ ሽም ናይ ስቴትኩም ኣብ *(ተወሳኺ ናይ ኣመጋግባ ሓገዝ ፐሮግራም)* (SNAP), ፣ እቲ ቅድም ብፉድ ስታምፕ ዝፍለጥ ዝነበረ ሐጂ *(ጊዝያዊ ሓገዝ ንጽጉማት ስድራ-ቤታት)* (TANF) ዝበሃል፣ *(ብስቴት ንቆልዑት ዝወሃብ ናይ ጥዕና መድሕን)* (SCHIP)፣ ወይከኣ ንዝምልከቶ ናይ *(ምዝርጋሕ መግቢ ኣብ መሰፈሪታት ኢንዲያን)* (FDPIR)፣ ብምእታው ምምሕያሽ። እዚ ምልክታ ጥራዝ ነቶም ካብ *(ሚሊታሪ ሃውሲንግ ፕራይቬታይዜሽን ኢኒሺኣቲቭ)* ናይ ገዛ ሓገዝ ዝረኽቡ ከምዘይምልከቶም ዝነግር ሓበሬታ ኣለዎ። እዚ ንቤት-ትምህርትኹም ዲስትሪክት ዘይምልከት እንተኮይኑ ብግቡእ ኣመሓይሽዎ።

እቲ ትካል ናይ እትንብሩሉ ስቴት ነዚ ናይ ምልክታ ጥራዝ ንውሳኔ ከተእትውዎ ከገድደኩም ይኽእል እዩ። ሕቶ እንተሃለወኩም ን **[State agency address]** ተወከሱ።

[1]ኩሎም ስድራ-ቤታት ብዛዕባ ኩነታት ዘእተውዎ ምልክታ ክሕበሩ ይግባእ። ናይ ኣገልጎሎት-ረብሓታት ዝተነጽጉ ቆልዑት ዘለዎም ስድራ-ቤት ብዛዕባ እዚ ብጽሑፍ ክሕበሩ ይግባእ። እቲ ጽሑፍ ነቶም ስድራ-ቤት ምኽንያት መንጸጊ ምልክታ ንሓገዝ፣ ናይ ምጥራዕ መሰሎም፣ ብኸመይ ከምዝጠርዑን ብድጋሚ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ዓመት ንናጻን ንሕሳር-ዋጋ መግብን ከመልክቱ መሰል ከምዘሎዎም ክሕብር ኣለዎ። እቶም ንናጻ ወይ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ሓገዝ ዝተፈቕደሎም ስድራ-ቤታት ብጽሑፍ ወይከኣ ብቓል ክሕበሩ ይኽእሉ እዮም።

# [INSERT SCHOOL DISTRICT LETTERHEAD]

ዝኸበርካ ወላዲ/መግዚት፡

ቆልዑት ብግቡእ ንኽምሃሩ ንጥዕና ዝኸውን መግቢ ክምገቡ ይግባእ።[[Name of School] ንጥዕና ዝጠቅም መግቢ ኣብ መዓልቲ ትምህርቲ ተቐርብ። ዋጋ ቁርሲ [$] ፣ ምሳሕ ($) እዩ። ደቅኹም እቲ ዘድልይ እንተ-ኣማሊኦም ናይ ናጻ ወይከኣ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ሕሳር-ዋጋ [$] ንቁርሲ ንምሳሕ ከኣ [$] እዩ።

1. ንኩሎም ቆልዑት በብሓደ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ክመልእ ኣሎኒ'ዶ? ኣየድልይን እዩ። ንናጻ ወይ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ንምምልካት እቲ ምልክታ ምልኣዮ። ንኹሎም ቆልዑት ስድራ-ቤትካ ሓደ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋን መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ ምላእ። ብግቡእ ዘይተመልኤ ምልክታ ኣይንቕበሎን ኢና፣ ስለዚ እቲ ዘድልይ ሓበሬታ ኩሉ ብጥንቃቑ ምልኣዮ። እቲ ዝተመልኤ ምልክታ ናብ[name, address, phone number] ስደዶ።

2. መን ናይ ናጻ መግቢ ክረክብ ይኽእል? ኩሎም ኣብታ ስድራ-ቤት ዘለዉ ቆልዑት ካብ[State SNAP], [the Food Distribution Program on Indian Reservations] ወይ [State TANF] ሓገዝ ዝረኽቡ ፡ እቶት ብዘየገድስ ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ። ከምኡውን እቶትኩም ኣብ ውሽጢ ናይ ፌደራል መምዘኒ ብቕዓት እቶት እንተኾይኑ ደቅኹም ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

3. ዝተዓቖቡ ቆልዑት ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ'ዶ? እወ ይኽእሉ። ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ዑቕባ ሂቡ ዝኣልይ ትካል ወይከኣ ቤት-ፍርዲ ዝርከቡ ቆልዑት ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይፍቀደሎም እዩ። ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤት ዝተዓቖበ ቆልዓ እቶት ብዘየገድስ ናጻ መግቢ ክረክብ ብቑዕ እዩ።

4. ገዛ-ዘይብሎም፡ ዝኾብለሉ፡ ከምኡውን ስደተኛ ዝኾኑ ቆልዑት ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ'ዶ? እወ ይኽእሉ። እቶም ትርጉም ገዛ-ዘይብሉ፡ ዝኾብለለ፡ ስደተኛ ዘማልኡ ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ብቑዓት እዮም። ምናልባሽ ደቅኻ ናይ ናጻ መግቢ ከምዝረኽቡ እንተዘይተሓቢርኩም ኣብ [school, homeless liaison or migrant coordinator information] ብምድዋል ወይከኣ ኢ-ሜይል ብስዳድ ብቑዓት ምኽዋኖም ሕተት።

5. ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ መን ክረክብ ይኽእል? ደቅኻ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ክረኽቡ ዝኽእሉ እቶትካ ኣብ ውሽጢ እቲ ፌደራላዊ ናይ እቶት ብቕዓት መምዘኒ ሰሌዳ ዝርከብ ወሰን ሕሳር-ዋጋ እንተኾይኑ እዩ።

6. . ኣብዚ ናይ ትምህርቲ ዓመት እዚ ደቀይ ናይ ናጻ መግቢ ብቑዕት እዮም ዝብል ደብዳቤ እንተመጽኣኒ፡ ምልክታ ክመልእ ኣድላዪ ድዩ? ብኽብረትካ ነቲ ዝመጽኤ ደብዳቤ ብጥንቃቑ ኣንቢብካ በቲ መምርሒ ተመራሕ። ሕቶ እንተሃሊዩካ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ [phone number] ደውል።

7. ናይ ውላደይ ምልክታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተቐባልነት ረኺቡ ነይሩ። ካልእ ምምላእ የድልየኒ'ዶ? እወ እቲ ምልክታ ንዝሓለፈ ናይ ትምህርቲ ዓመት ከምኡውን ንቐሩብ መዓልታት ናይዚ ዓመት እዚ ጥራይ እዩ ዘገልግል። እቲ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ቅቡል እዩ ኢሉ እንተዘይሓበረካ ሓድሽ ምልክታ መሊእካ ክትሰድድ ኣሎካ።

8. ኣነ ዊክ WIC ይረክብ እየ። ደቀይ ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ'ዶ? ኣብ ዊክ ዝሳተፉ ስድራ-ቤታት ዝነበሩ ንናይ ናጻ ወይከኣ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብኽብረትካ ምልክታ ምላእ።

9. እቲ ዝሃብክዎ ሓቤረታ ይጻረይ ድዩ? እወ። ብተወሳኺ'ውን ብጽሑፍ መረጋገጺ ክትሰደልና ክንሓተካ ንኽእል ኢና።

10. ሕጂ እንተዘይተፈቒዱኒ ካልእ ጊዜ ከመልክት ይኽእል'ዶ? እወ። ኣብ ውሽጢ እዚ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ዝኾነ እዋን ምምልካት ይከኣል እዩ። ንኣብነት ስድርኦም ወይከኣ ሞግዚቶም ካብ ሥራሕ ዝወጽእዎም ቆልዑት እቶት ወላዲ ወይከኣ ሞግዚት ተራእዩ ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ ዕድል ኣለዎም።

11. ምስቲ ብቤት-ትምህርቲ ኣብ ምልክታይ ዝተወሰደ ውሳነ እንተዘይተሰማማዕኩ እንታይ ክገብር ይኽእል? ነቶም ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ኣዛርቦም። ብተወሳኺ ኣብ [name, address, phone number, e-mail] ብምድዋል ወይከኣ ብምጽሓፍ ምልክታኻ ከምእንደገና ክረኣየልካ ክትሓትት ትኻል ኢኻ።

12. ሓደ ኣባል ስድራ-ቤተይ ኣሜሪካዊ እንተዘይኮይኑ ከመልከት ይኽእል'ዶ? እወ። ንናጻ ኮነ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ብቑዕ ንምኽዋን ንስኻ ወይ ደቅኻ ናይ ኣሜሪካዊ ዜግነት ክህልወኩም ኣድላዪ ኣይኮነን።

13. ከም ኣባል ስድራ-ቤተይ ንመን ከእትው ይኽእል? ኩሎም ኣብ ስድራ-ቤትካ ዝነብሩ ኣዝማድን ዘይ ኣዝማድን (ከም ወለድኻ፡ ካልኦት ኣዝማድን የዕሩኽትን) ዝኾኑ፤ ኣብቲ እቶትን ወጻኢን ናይ ስድራ-ቤትካ ዝሳተፉ ከም ኣባል ስድራ-ቤትካ ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ንስኻን ምሳኻ ዝነብሩ ኩሎም ቆልዑት እቱዋት ኢኹም። ካልኦት ምሳኻ ዝነብሩ ብቁጠባ ርእሶም ዝኽኣሉ (ንኣብነት ንስኻ ዘይትሕግዞም፡ ምሳኻ ኮነ ምስ ደቅኻ እቶቶም ዘይማቐሉ) ከም ኣባል ስድራ-ቤት ኣይተእትዎም።

14. እቶተይ ኩልጊዜ ዝፈላለይ እንተኾነ'ኸ? እቲ ከምልሙድ ትረኽቦ እቶት ኣስፍሮ። ንኣብነት እቲ ዝተለምደ እቶትካ $1000 ከሎ ዝሓለፈ ወርሒ ሙሉእ ሰዓታት ስለዘይሰራሕካ $900 ጥራይ ረኪብካ፤ ስለዚ ነቲ ልሙድ እቶትካ ማለት $1000 ኣብቲ ምልክታ ኣእትዎ። ዚያዳ ሰዓታት ኣዘውቲርካ እንተሰሪሕካ ከም እቶት ሕሰቦ፣ እንተዘየዘውቲካ ኣይተኣትዎ። ካብ ሥራሕ እንተወጺእካ፣ ሰዓታት እንተጎዲሉካ፣ ደሞዝ እንተጎዲሉካ እቲ እዋናዊ ደሞዝካ ተጠቐም።

15. ንሕና ኣብ ወተሃደር ኣገልግሎት ኣሎና። ናይ ገዛ ሓገዝ ዝወሃበና ከም እቶት ክንሓስቦ ኣሎና'ዶ? ንካብ ሰፈር ወተሃደር ወጻኢ ሓገዝ እንተረኺብካ ከም እቶት ክሕሰብ ኣሎዎ። ብናይ ሚሊታሪ ናብ ብሕታዊ መንበሪ ምስግጋር መደብ እንተኾይኑ ግና ከም እቶት ኣይትሕሰቦ።

16. በዓል ቤተይ ኣብ ውግእ ቦታ ተመዲባ ኣላ፣ እቲ ዝወሃባ ናይ ውግእ ኣበል ከምእቶት ክሕሰብ ኣለዎ'ዶ? ናይ ውግእ ኣበል ከምተወሳኺ ደሞዝ ኮይኑ ቅድሚ ናብ ውግእ ቦታ ምኻዳ እንተተዋሂቡዋ ከም እቶት ኣይሕሰብን። ንዝያዳ ሓበረታ ንቤት ትምህርትኻ ተወከስ።

17. ስድራይ ተወሳኺ ሓገዝ ይደልዩ ኣለዉ። ካልኦት ሓገዝ ክህቡና ዝኽእሉ መደባት ኣሎዉ'ዶ? ንናይ [State SNAP ሓገዝ ከመይ ከምተመልክት ንምንዳይን ብዛዕባ ካልእ ሓገዛት ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ሓገዝ ቤት-ጽሕፈት ተወከስ ወይከኣ ኣብ [call [State hotline number] ደውል።

ካልእ ሕቶ ምስዝህልወኩም ወይከኣ ሓገዝ እንተደልይኹም ኣብ[phone number] ደውሉ።

*Si necesita ayuda, por favor llame al teléfono*: **[phone number]**.

*Si vous voudriez d'aide, contactez nous au numero:* **[phone number]**.

ኣኽባሪኹም

**[signature]**

# መምርሒ ኣመላልኣ ምልክታ

*ኣባል ስድራ-ቤት ዝበሃል ምሳኻ ዝነብር ዝኾነ ቆልዓ ወይከኣ ዓቢ-ሰብ እዩ*

ስድራ-ቤትካ ካብ **[State SNAP], ወይ [State TANF] [OR THE FOOD DISTRIBUTION PROGRAM ON INDIAN RESERVATIONS (FDPIR)]**, ሓገዝ ዘይትረክብ እንተኾይና ነዚ ዝስዕብ መምርሒ ተኸተል፡

**ክፍሊ 1፡** ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትን ስም ቤት-ትምህርቲ ቆልዑት በብሓደ።
**ክፍሊ 2፡** ነቶም ናይ **SNAP]** ወይ **[State TANF]** ወይከኣ **[FDPIR]** ሓገዝ ዝረኸቡ ቁጽሪ ጉዳዮም ዘርዚርካ ጸሓፎ።
**ክፍሊ 3፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 4፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ
**ክፍሊ 5፡** ነቲ ምልክታ ፈርሞ። ናይ ሶሻያል ሰኩሪቲ መወዳእታ ኣርባዕተ ቁጽሪ ኣድላዪ ኣይኮነን።
**ክፍሊ 6፡** እንተደሊኻ ነዚ ሕቶ መልሶ።

ኣብ ስድራ-ቤትካ ናይ **[State SNAP]** ወይ **[State TANF]** ሓገዝ ዝረከብ ሰብ እንተዘይሃለወ፣ ከምኡውን ኣብ ስድራ-ቤትካ ገዛ-ዘይብሉ፣ ስደተኛ ወይከኣ ዝኾብለለ ቆልዓ እንተሃለወ ነዚ መምርሒ ተኸተል፡

**ክፍሊ 1፡** ንኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትካን ኩሎም ቆልዑት ምስ ስም ቤት-ትምህርቶም በበሓደ መዝግቦም።
**ክፍሊ 2፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 3፡** ተመልከተሉ ዘሎኻ ቆልዓ ገዛ-ዘይብሉ፡ ስደተኛ ወይከኣ ዝኾብለለ እንተኾይኑ ኣብቲ ስፍርኡ ምልክት ጌርካ ን **[your school, homeless liaison, migrant coordinator]** ደውል።
**ክፍሊ 4፡** ኣባል ስድራ-ቤትካ ቆልዓ ብመሰረት ክፍሊ 3 ዘይብቑዕ እንተኾይኑ ነዚ ክፍሊ ምልኣዮ።
**ክፍሊ 5፡** ነቲ ቅጥዒ ፈርሞ። ክፍሊ 4 እንተዘይመሊእካ ናይ ሶሺያል ሴኩሪቲ መወዳእታ ኣርባዕተ ቁፅሪ ምሃብ ኣድላዪ ኣይኮነን።
**ክፍሊ 6፡** እንተደሊኻ ነዚ ሕቶ መልሲ ሃብ።

ንትሕቲ መግዚት ዘሎ ቆልዓ ተመልከት እንተሃሊኻ ነዚ ዝስዕብ መምርሒ ተኸተል፡

**ኩሎም ኣብ ስድራ-ቤትካ ዘለዉ ቆልዑት ትሕቲ መግዚት ዝነብሩ እንተኾይኖም ፡**
**ክፍሊ 1፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 2፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 3፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 4፡** ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 5፡** ነቲ ቅጥዒ ፈርሞ። ናይ ሶሻያል ሰኩሪትይ መወዳእታ ኣርባዕተ ቁፅሪ ኣየድልይን እዩ።
**ክፍሊ 6፡** እንተደሊኻ ነዚ ሕቶ መልሲ ሃብ።

**ገለ ኣባላት ስድራ-ቤት ቆልዑት ትሕቲ መግዚት ዝነብሩ እንተኾይኖም፡**
**ክፍሊ 1፡** ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትን ስም ቤት-ትምህርቲ ቆልዑት በብሓደ መዝግብ። ንዝኾነ እቶት ዘይብሉ ዓቢ ሰብ ወይ ቆልዓ ኣብቲ "እቶት የብሉን" ዝብል ቦታ ምልክት ግበረሉ።
**ክፍሊ 2፡** እቲ ስድራ-ቤት ናይ ዘመልከተሉ ፋይል ቁጽሪ እንተዘይብሉ፣ ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 3፡** ተመልከተሉ ዘሎኻ ቆልዓ ገዛ-ዘይብሉ፡ ስደተኛ ወይከኣ ዝኾብለለ እንተኾይኑ ኣብቲ ስፍርኡ ምልክት ጌርካ ን| **[your school, homeless liaison, migrant coordinator].** ደውል፣ እንተዘይኮይኑ ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 4፡** ናይዚ ወርሒ ወይከኣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ድምር እቶት ስድራ-ቤትካ ንምሕባር ብዝስዕብ መምርሒ ተመራሕ፡

- **ሳንዱቕ 1-ስም፡** እቶት ዘለዎም ኣባላት ስድራ-ቤት ኩሎም መዝግቦም።
- **ሳንዱቕ 2-ሙሉእ ደሞዝ እቶትን ኣብ ክንደይ ግዘ ምቕባልን፡** በብሓደ ኣባላት ስድራ-ቤትካ ኣብ ወርሒ ዝረኸብዎ ዓይነት እቶት መዝግብ። ከምኡውን ኣከፋፍላ እቲ እቶት ኣብ ሰሙን፣ ኣብ ክልተ ሰሙን ወይከኣ ኣብ ወርሒ ምኽዋኑ ሓብረና። እቲ ትህበና ሓበሬታ ናይ ሙሉእ ደሞዝካ ማለት ቀረጽን ካልእ ነገራት ዘይጎደሎ ክኸውን የድልይ። እዚ ከኣ ካብ ናይ ደሞዝ ወረቐትካ ወይከኣ ካብ ሓለቓኻ ክርከብ ይከኣል። ንካልእ እቶታት ብዝምልከት ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤት ዝረኸብዎ ማለት ካብ ናይ ድኽነት ሓገዝ፣ ናይ ቆልዓ ሓገዝ፣ ናይ ፍትሕ ክፍሊት፤ ከምኡውን ካብ ናይ ጡረታ ኣበል፣ ካብ ሶሽያል ሰኩሪቲ እቶት፣ (ካብ ተወሳኺ ውሕስና እቶት)፣ (SSI), (VA ), ካብ (ኣበል ገዲም ወተሃደርን) ካብ ሓገዝ ስንክልና ዝረኸብዎ መዝግቦ። ኣብ ትሕቲ ዝተረፈ ካልእ እቶት ዝብል ከኣ፤ ካሕሳ ሠራሕተኛ፣ ሓገዝ ንሥራሕ ዘይብሉ፣ ካብ ኣብ ስድራ-ቤት ብዘይነብሩ ሰባት ብቐጻልነት ዝርከብ ሓገዝ መዝግቦ። ካብ SNAP, FDPIR, WIC, ከምኡውን ካብ ፌደራል ናይ ትምህርቲ ሓገዝን ካብ ናይ መግዚት ኣዋሃሂዲት ውድብ ስድራኻ ዝተቐበለቶ ከም እቶት ኣይትሕሰቦ። ብነብሱ ዝሓድር (ወናኒ ትካል) ወጻኢታቱ ኣጉዲሉ ኣብ "እቶት ካብ ሥራሕ" ዝብል ይመዝግቦ። እዚ ንኹሉ ትካልካ፣ ሕርሻን፣ ናይ ክራይ ንብረትን ዝምልከት እዩ። ካብ ናይ ብግሊ ዝመሓደር ናይ ወተሃደር መንበሪ ወይ ናይ ኩናት ኣበል ትቕበል እንተኾይንካ ኣብቲ ጸብጻብ እቶት ኣይተእትዎ።

**ክፍሊ 5፡** ነዚ ቅጥዒ ዓቢ ኣባል ስድራ-ቤት ፈሪሙ ናይ ሶሽያል ሰኩሪትይ ኢንካም መወዳእታ 4 ቁጽርታት የመዝግብ፤ እንተዘይብሉ ግና ኣብ ግቡእ ቦታ ምልክት ይግበረሉ።
**ክፍሊ 6፡** **እንተደሊኻ** ነዚ ሕቶ መልሲ ሃብ።

| ኩሎም ካልኦት ስድራ-ቤታት ከምኡውን ናይ ዊክ (WIC) ስድራ-ቤታት በዚ ዝስዕብ መምርሒ ተመርሑ: |
|---|

**ክፍሊ 1፡** ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትን ስም ቤት-ትምህርቲ ቆልዑት በብሓደ መዝግብ። ንዝኾነ እቶት ዘይብሉ ዓቢ ሰብ ወይ ቆልዓ ኣብቲ "እቶት የብሉን" ዝብል ቦታ ምልክት ግበረሉ።
**ክፍሊ 2፡** እቲ ስድራ-ቤት ናይ ዘመልከተሉ ቁጽሪ እንተዘይብሉ ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 3፡** ፡ ተመልከተሉ ዘሎኻ ቆልዓ ገዛ-ዘይብሉ፡ ስደተኛ ወይከኣ ዝኾብለለ እንተኾይኑ ኣብቲ ስፍርኡ ምልክት ጌርካ ን **[your school, homeless liaison, migrant coordinator].** ደውል።እንተዘይኮይኑ ግና ነዚ ክፍሊ ስገሮ።
**ክፍሊ 4፡** ናይዚ ወርሒ ወይከኣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ድምር እቶት ስድራ-ቤትካ ንምሕባር ብዝስዕብ መምርሒ ተመራሕ፡

- **ሳንዱቕ 1-ስም፡** እቶት ዘለዎም ኣባላት ስድራ-ቤት ኩሎም መዝግቦም።
- **ሳንዱቕ 2-ሙሉእ ደሞዝ እቶትን ኣብ ክንደይ ግዘ ምቕባልን፡** በብሓደ ኣባላት ስድራ-ቤትካ ኣብ ወርሒ ዝረኸብዎ ዓይነት እቶት መዝግብ። ከምኡውን ኣከፋፍላ እቲ እቶት ኣብ ሰሙን፣ ኣብ ክልተ ሰሙን ወይከኣ ኣብ ወርሒ ምኸዋኑ ሓብረና። እቲ ትህበና ሓበሬታ ናይ ሙሉእ ደሞዝካ ማለት ቀረጽን ካልእ ነገራት ዘይጎደሎ ክኸውን የድልይ። እዚ ከኣ ካብ ናይ ደሞዝ ወረቐትካ ወይከኣ ካብ ሓለቓኻ ክርከብ ይከኣል። ንካልእ እቶታት ብዝምልከት ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤት ዝረኸብዎ ማለት ካብ ናይ ድኽነት ሓገዝ፣ ናይ ቆልዓ ሓገዝ፣ ናይ ፍትሕ ክፍሊት፤ ከምኡውን ካብ ናይ ጡረታ ኣበል፣ ካብ ሶሽያል ሰኩሪቲ እቶት፣ ካብ ተወሳኺ ውሕስና እቶት፣ (SSI), ን (VA ) ካብ ኣበል ገዲም ወተሃደርን ካብ ሓገዝ ስንክልና ዝረኸብዎ መዝግቦ። ኣብ ትሕቲ ዝተረፈ ካልእ እቶት ዝብል ከኣ፤ ካሕሳ ሠራሕተኛ፣ ሓገዝ ንሥራሕ ዘይብሉ፣ ካብ ኣብ ስድራ-ቤት ብዘይነብሩ ሰባት ብቐጻልነት ዝርከብ ሓገዝ መዝግቦ። ካብ SNAP, FDPIR, WIC , ከምኡውን ካብ ፌደራል ናይ ትምህርቲ ሓገዝን ካብ ናይ መግዚት ኣዋሃሃዲት ውድብ ስድራኻ ዝተቐበሎቶ ከም እቶት ኣይትሕሰቦ። ብነብሱ ዝሓድር (ወናኒ ትካል) ወጻኢታቱ ኣጉዲሉ ኣብ "እቶት ካብ ሥራሕ" ዝብል ይመዝግቦ። እዚ ንኹሉ ትካልካ፣ ሕርሻን፣ ናይ ክራይ ንብረትን ዝምልከት ኣዩ። ካብ ናይ ብግሊ ዝመሓደር ናይ ወተሃደር መንበሪ ወይ ናይ ኩናት ኣበል ትቐበል እንተኾይንካ ኣብቲ ጸብጻብ እቶት ኣይተእትዎ።

**ክፍሊ 5፡** ነዚ ቅጥዒ ዓቢ ኣባል ስድራ-ቤት ፈሪሙ ናይ ሶሽያል ሰኩሪትይ ኢንካም መወዳእታ 4 ቁጽርታት የመዝግብ፤ እንተዘይብሉ ግና ኣብቲ ግቡእ ቦታ ምልክት ይግበረሉ።
**ክፍሊ 6፡** እንተደሊኻ ነዚ ሕቶ መልሲ ሃብ።

# ምልክታ ቤተሰብ ንናጻን ሕሳር-ዋጋ መግቢ

ክፍሊ1. ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤት

| ኣስማት ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤት<br>(ስም, ማእከላይ ስም, ስም ኣቦ) | ስም ቤት-ትምህርቲ ቆልዑት<br>በብሓደ/ወይከኣ "NA" እቲ ቆልዓ ዘይመሃር ኣንተኾይኑ | ኣብ መግዚት ዘሎ ቆልዓ ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎ ናይ ድሕንነት ትካል ወይ ቤት-ፍርዲ እንተኾይኑ ኣብ ታሕቲ ምልክት ግበር<br><br>*እንድሕር ኩሎም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ቆልዑት ደቂ-ጡብ ኣንተኾይኖም ነዚ ቅጥዒ ክትፍርም ናብ ክፍሊ 5 ተሳገር። | እቶት ኣንተዘይብሉ ኣብ ታሕቲ ምልክት ግበር |
|---|---|---|---|
| | | ❑ | ❑ |
| | | ❑ | ❑ |
| | | ❑ | ❑ |
| | | ❑ | ❑ |
| | | ❑ | ❑ |
| | | ❑ | ❑ |

ክፍሊ 2. ኣገልግሎታት

ካብ ኣባላት ስድራ-ቤትካ , ወይከኣ , ዝቕበል እንተሃለወ, ስም ተቐባላይ ሓገዝን **ቁጽሪ ጉዳይን ሂብካ ናብ ክፍሊ 5 ተሳገር. ዥቕበል እንተዘይሃለወ ናብ ክፍሊ 3 ስገር።**

ስም:________________________________________________ ቁጽሪ ጉዳይ: ________________________________________

ክፍሊ 3.ካብ ተመልከተሎም ዘሎኻ ቆልዑት ገዛ-ዘይብሉ፣ስደተኛ፣ ወይከኣ ዝኾብለለ እንተኾይኑ ኣብ ዝምልከቶ ስፍራ ምልክት ጌርካ ናብ ደውል።

HOMELESS ❑ MIGRANT ❑ RUNAWAY ❑

ክፍሊ 4. ድምር እቶት ስድራ-ቤት ክንደይ ከምትረክብን ኣብ ክንደይ ጊዜ ከምዝኸፈለካ ሓብረና

| 1. ስም<br>(እቶት ዘለዎም ኣባል ስድራ-ቤት ጥራይ መዝግቦም) | 2. ሙሉእ እቶትን መዓስ መዓስ ይቕበል | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ደሞዝ ቅድሚ ምጉዳል ቀረጽን ካልእ ነገራትን | ሓገዝ ድኽነት፣ ሓገዝ ቆልዓ፤ ካሕሳ ፍትሕ | ጡረታ፣ሶሽያል ሰኩሪቲ፣ SSI, VA ሓገዝ | ኩሉ ካልእ እቶት |
| *(ንኣብነት) Jane Smith* | $199.99/ሰሙናዊ | $149.99/ኣብ ሰሙን ሰጊርካ | $99.99/ወርሓዊ | $50.00/ወርሓዊ |
| | $ | $ | $ | $ |
| | $ | $ | $ | $ |
| | $ | $ | $ | $ |
| | $ | $ | $ | $ |
| | $ | $ | $ | $ |
| | $ | $ | $ | $ |

ክፍሊ 5. *ፊርማን ናይ ሶሽያል ሰኩሪቲ ቁጽሪ መወዳእታ ኣርባዕተ ኣሃዛት* (ዓቢ-ሰብ ክፍርም ኣለዎ)

ነዚ ምልክታ ሓደ ዓቢ ኣባል ስድራ-ቤት ክፍርሞ ኣሎዎ። **ክፍሊ 4 እንተተመሊኡ፣ ነዚ ቅጥዒ ዝፍርም ዓቢ-ሰብ ናይ ሶሽያል ሰኩሪቲ ቁጽሪ ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ ኣሃዛት ክምዝግብ ኣሎዎ። ወይከኣ ኣብ "ቁጽሪ ሶሺያል ሰኩሪቲ የብለይን" ዝብል ቦታ ምልክት ምግባር (ኣብ ድሕሪ እዚ ገጽ ዘሎ መግለጺ ተመልከት) ።**

*ኣብዚ ምልክታ ዝሃብኩዎ ሓበረታን እቶትን ሓቂ ከምዝኾነ የረጋግጽ (ቃል-ይኣቱ)። በዚ ዝሃብኩዎ ሓበረታ መሰረት እቲ ቤት-ትምህርቲ ካብ ፌደራል ገንዘብ ከምዝረክብ ይርዳኣኒ።ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ነዚ ሓበሬታ ከጻርዩ ከምዝኽእሉ ይርዳኣኒ። ፈሊጠ ግጉይ ሓበሬታ እንተሂበ ኮይነ ደቀይ ሓገዝ መግቢ ክስእኑ ከምዝኽእሉን ኣነው'ን ብሕጊ ከምዝሕተት የረጋግጽ።*

ኣብዚ ፈርም:______________________________ ስምካ ጽሓፍ:______________________________

ዕለት፡______________________________

ኣድራሻ: ______________________________ ቁጽሪ ስልኪ: ______________________________

ከተማ: ______________________________ ስቴት:________________ ዚፕ ኮድ: ________________

ናይ ሶሽያል ሰኩሪቲ ቁጽሪ መወዳእታ 4 ኣሃዙታት: * * * - * * - __ __ __ __ ❑ ቁጽሪ ሶሽያል ሰኩሪትይ የብለይን

ክፍሊ 6. *መንነት ዓሌትን ዘርእን ቆልዑት* (ብምርጫ ዝምላእ)

| *ሓደ ዓለት ጥራይ ምረጽ* | *ሓደ ወይ ዝያደ ሓደ ምረጽ (ዓሌት ብዘየገድስ):* | | |
|---|---|---|---|
| ❑ ሂስፓኒክ/ላቲኖ | ❑ እስያዊ | ❑ ኣመሪካዊ ህንዲ ወይ ወደባት ኣላስካ | ❑ ፀሊም ወይ ኣፍሪቃዊ ኣመሪካዊ |
| ❑ ሂስፓኒክ/ላቲኖ ዘይኮነ | ❑ ጻዕዳ | ❑ ወደባት ሃዋይ ወይ ትውልድ ካልእ ፓሲፊክ ደሴት | |

**ነዚ ክፍሊ ኣይትምላዮ፣ እዚ ንሥራሕ ቤት-ትምህርቲ ጥራይ ኣዩ።**

Annual Income Conversion: Weekly x 52, Every 2 Weeks x 26, Twice A Month x 24 Monthly x 12

Total Income: __________ Per: ❑ Week, ❑ Every 2 Weeks, ❑ Twice A Month, ❑ Month, ❑ Year Household size: _______

Categorical Eligibility: ___ Date Withdrawn: _______Eligibility: Free___ Reduced___ Denied___

Reason: ________________________________________

Temporary: Free_____ Reduced_____ Time Period: __________ (expires after _____ days)

Determining Official's Signature: ______________________________ Date: ____________

Confirming Official's Signature: ________________________ Date: __________

Verifying Official's Signature: _________________________Date: _______

ደቅኻ ንናይ ናጻ ወይከኣ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ብቑዓት ክኾኑ ዝኽእሉ እቶት *ስድራ-ቤትካ* ማዕረ ወይ ትሕቲ እዚ ኣብ ሰለዳ ዘሎ ወሰን እቶት እንተኾይኑ እዩ

| ናይ ፌደራል መምዘን ብቕዓት እቶት ሰለዳ ንትምህርቲ ዓመት___________ | | | |
|---|---|---|---|
| ብዝሒ ስድራ-ቤት | ዓመታዊ | ወርሓዊ | ሰሙናዊ |
| 1 | | | |
| 2 | | | |
| 3 | | | |
| 4 | | | |
| 5 | | | |
| 6 | | | |
| 7 | | | |
| 8 | | | |
| ተወሳኺ ሰብ በብሓደ: | | | |

---

ብሪቻርድ ቢ. ራስል ሓገራዊ ናይ ምሳሕ ሕጊ ዝፍለጥ እቲ ሓቤረታ ነዚ ምልካታ ንምምላእ ኣድላይነቱ ይድንግግ። ነቲ ሓቤረታ ናይ ግድን ክትህብ የብልካን ፣ እንተዘይሂብካ ግና ንውላድካ ናይ ናጻ ኮነ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ከነፍቅደሉ ኣይንኻልን። ናይቲ ነዚ ምልክታ ዝፍርም ዓቢ-ሰብ ኣባል ስድራ-ቤት ናይ ሶሽያል ሰኩሪቲ ቁጽሪ መወዳኣታ 4 ኣሃዙታት ከተእትዎ ኣሎካ። ኣብ ትሕቲ መግዚት ንዘሎ ቆልዓ እንተኣመልኪትካ፣ ወይከኣ ን (ተወሳኺ ናይ ኣመጋግባ ሓገዝ መደብ) Supplemental Nutrition Assistance Program (SNAP), ወይከኣ ናይ(ጊዜያዊ መደብ ንዝተጸገሙ ስድራ-ቤታት) Temporary Assistance for Needy Families (TANF) Program, ወይከኣ ናይ(መደብ ምዝርጋሕ መግቢ ኣብ መዔቀቢታት ህንዳውያን) Food Distribution Program on Indian Reservations (FDPIR) ቁጽሪ ፋይል ወይከኣ ካልእ ናይ FDPIR መለለዪ ውላድካ ወይከኣ እቲ ፈራማይ ዓቢ-ሰብ ሶሽያል ሰኩሪትይ ቁጽሪ ከምዘይብሉ ኣንተሓቢርካ፤ እቲ ናይ ቁጽሪ ሶሽያል ሰኩሪቲ መወዳኣታ 4 ኣህዝዙታት ምሃብ ኣየድልይን እዩ። እቲ ሓቤረታ ንምጽራይ ብቑዕነት ውላድካ ንናጻ ወይከኣ ንሕሳር-ዋጋ መግቢን፣ ንምምሕዳርን ንምትግባርን ናይ ምሳሕን ቁርስን መደባት ክንጥቀመሉ ኢና። ንብቑዕነት ዝምልከት ዝሃብካና ሓቤሬታ ምስ ናይ ትምህርቲ፣ ናይ ጥዕና፣ ናይ ኣመጋግባ መደባት ንመሳለጢ ስርሖም ንኽሕግዞም ከነካፍሎም ኢና። ብተወሳኺ እቲ ሓበሬታ ንተቖጻጸርቲ መደብን ንኣኽበርቲ ሕግን ንመሳለጢ ስርሖም ከነካፍሎም ኢና።

---

መግለጺ ኣፈላላይ ዘይምግባር፡ እዚ መግለጺ እዚ ብማዕርነት ዝጎደሎ ኣሰራርሓ እንተኣጋጠመካ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ዝሕብር እዩ። "ብመሰረት ፌደራላዊ ሕግን ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ሕርሻ መንግስቲ ኣመሪካ፣ እዚ ውድብ ብዘርኢ፣ ብሕብሪ፣ መበቆል ሓገር፣ ፆታ፣ ዕድመን ስንክልናን ኣፈላላይ ክገብር ክልኩል እዩ። ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኣፈላልይ ጥርዓንካ ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington, D.C. 20250-9410 ወይከኣ ብናጻ ናብ (866) 632-9992 (ድምጺ) ደውል. ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይከኣ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎ ሰባት ምስ USDA ብናይ ፌደራል መሰጋገሪ ኣገልግሎት ኣብ (800) 877-8339; ወይከኣ(800) 845-6136 (ስፓንሽ) ብምድዋል ክራኸቡ ይኽእሉ. USDA ወሃብ ማዕርነት ዘለዎ ናይ ሥራሕ ዕድልን ኣሥራሕን እዩ።"

# ምክፋል ሓበሬታ ምስ MEDICAID/SCHIP

ዝኸበርካ ወላዲ/መግዚት:

ደቅኻ ናይ ናጻ ወይከኣ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ዝረኽቡ እንተዘይኮይኖም፣ ናይ ናጻ ወይከኣ ናይ ሕሳር-ዋጋ መድሕን ጥዕና ብሜዲኬድ ወይ ብናይ "ስቴት መድሕን ጥዕና ቆልዑት ፕሮግራም" (SCHIP) <u>ምናልባሽ</u> ክረኽቡ ይኽእሉ ይኾኑ። መድሕን ጥዕና ዘለዎም ቖልዑት ብቐጻልነት ክንክን ጥዕና ስለዝረኽቡ ብሕማም ምኽንያት ካብ ቤት-ትምህርቲ ንኽቦኽሩ ውሑድ ዕድል እዩ ዘሎ።

*መድሕን ጥዕና ንቆልዑት ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፣ እቲ ሕጊ ን Medicaidን SCHIP ደቅኻ ንናጻ ወይከኣ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ብቑዓት ምዀዋኖም ክንሕብር የፍቅደልና እዩ። ንስኻ ኣይትሃቡ እንተኢልካ ኣይንህብን።* Medicaid and SCHIP ነዚ ሓበሬታ ንመደቦም ብቑዓት ዝኾኑ ቆልዑት ንምልላይ ጥራይ እዮም ዝጥቀሙሉ። ሓለፍቲ እዘን መደባት ደቅኹም ንኽተመዝግቡ ንምዕዳም ምናልባሽ ክራኽብኹም ይኾኑ እዮም። ንናጻን ሕሳር-ዋጋን መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምምልካት ማለት ብቐጥታ ንመድሕን ጥዕና ይምዝገቡ ማለት ኣይኮነን።

ሓበሬታኹም ምስ Medicaid ወይከኣ ምስ SCHIP ክንካፈል ዘይትደልዩ ኣንተኾይንኩም፣ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቅጥዒ መሊእኩም ስደድዎ (ነዚ ቅጥዒ ምስዳድ ግና ኣብ ደቅኹም ዝረኽብዎ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋ መግቢ ለውጢ ኣየምጽእን እዩ)።

---

☐ **ኣይፋለይ! ኣብ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋ መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታይ ዘሎ ሓበሬታ ምስ** Medicaid ወይከኣ ምስ "ስቴት መድሕን ጥዕና ቆልዑት ፕሮግራም " ክትካፈልዎ ኣይደልይን።

ኣይፋለይን እንተኢልካ፣ ነቶም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ቆልዑት ዝምልከት ሓበሬታኻ ከይካፈል ንምርግጋጽ ነዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ምልኣዮ።

ስም ቆልዓ: ______________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________

ስም ቆልዓ: ______________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________

ስም ቆልዓ: ______________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________

ስም ቆልዓ: ______________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________

ፊርማ ወላዲ/መግዚት: ______________________ ዕለት: ______________________

ስም ብጽሑፍ: ______________________

ኣድራሻ: ______________________

---

ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ **[name]** ኣብ **[phone]** ደውል ወይከኣ ብኢ-ሜል ናብ **[e-mail address]** ለኣኽ ።

ነዚ ቅጥዒ ናብ: **[address]** ክሳብ **[date]** ስደዶ።

# ምክፋል ሓበሬታ ምስ ካልኦት መደባት

ዝኸበርካ ወላዲ/መግዚት:

ጊዜኻን ድካምካን ንምቁጣብ እቲ ኣብ ንናጻ ወይከኣ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ ዝሃብካና ሓበሬታ ንካልኦት መደባት እንተኣካፈልናዮም ደቅኻ ተወሳኺ ረብሓ ይረኽቡ ይኾኑ። ምስ እዞም ዝስዕቡ መደባት ሓበሬታኻ ንኽንካፈል ፍቓድካ ናይ ግድን የድልየና እዩ። (ነዚ ቅጥዒ ምስዳድ ግና ኣብ ደቅኹም ዝረኽብዎ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋ መግቢ ለውጢ ኣየምጽእን እዩ)።

---

- ☐ **ሕራይ!** ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንናጻን ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታይ ምስ **[name of program specific to your school]** ክካፈሉ ይደልይ እየ።
- ☐ **ሕራይ!** ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንናጻን ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታይ ምስ **[name of program specific to your school]** ክካፈሉ ይደልይ እየ።
- ☐ **ሕራይ!** ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንናጻን ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ቤት-ትምህርቲ ምልክታይ ምስ **[name of program specific to your school]** ክካፈሉ ይደልይ እየ።

ኣብ ላዕሊ ሕራይ እንተኢልካ ነቶም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ቆሎዑት ዝምልከት ሓበሬታ ምእንቲ ምስ ካልኦት መደባት ከምዝካፈል ንምርግጋጽ፣ ነዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ምልኣዮ። እቲ ሓበሬታ ዝዋሃብ ከኣ ምስቶም ኣብ ላዕሊ ብሕራይ ዘመልከትካዮም መደባት ጥራይ ኣዩ።

ስም ቆልዓ: ______________________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________________

ስም ቆልዓ: ______________________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________________

ስም ቆልዓ: ______________________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________________

ስም ቆልዓ: ______________________________ ቤት-ትምህርቲ: ______________________________

ፊርማ ወላዲ/መግዚት: ______________________________ ዕለት: ______________________________

ስም ብጽሑፍ: ______________________________

ኣድራሻ: ______________________________

---

ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ **[name]** ኣብ **[phone]** ደውል ወይከኣ ብኢ-ሜል ናብ **[e-mail address]** ለኣኽ ።

ነ ዚ ቅ ጥ ዒ ና ብ: **[address]** ክ ሳ ብ **[date]** ስደዶ።

# ምልክታኻ ከነጻርዮ ኣድላዪ እዩ

*እቲ ዘድልየና ሓበሬታ ክትሰደልና ኣሎካ ወይከኣ ምስ [name] ክሳብ [date] ተራኸብ, ወይከኣ ውላድካ/ውላዳትካ እቲ ዝረኸቦ ናይ ናጻ ወይ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ክቑዋረጽ እዩ።.*

ቤት-ትምህርቲ: ______________________________ ዕለት:____________

ዝኸበርካ/ኪ ______________________________:

ንሕና ነቲ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋን መግቢ ቤት-ትምህርቲ ዘእተኻዮ ምልክታ ነጻርዮ ኣሎና። እዚ ንገብሮ ዘሎና ኸኣ ብመሰረት ሕጊ ፌደራል እቶም ብቑዓት ዝኾኑ ቆልዑት ጥራይ ናይ ናጻን ሕሳር-ዋጋ መግቢ ከምዝረኸቡ ንምርግጋጽ ኣዩ። **[name(s) of child(ren)][is/are]** ብቑዕ/ብቑዓት ምኻኑ/ምኻኖም ንምርግጋጽ ሓበሬታ ክትሰደልና ኣሎካ።

እንተተኻኢሉ ቅዳሕ እምበር ቀዳማይ ወረቓቕቲ ኣይትስደደልና።. ዘይቅዳሕ እንተሰዲካልና ግና፣ ክሳብ ንስኻ ትሓተና መሊስና ኣይንሰደልካን ኢና።

1. ኣብ ምልክታ ንናይ ናጻ ወይ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ዘእተኻሉ አዋን ወይከኣ ብድሕሪኡ ካብ **[State SNAP]**, **[State TANF]** ወይከኣ **[FDPIR]** ሓገዝ ትቕበል እንተደኣ ኔርካ ቅዳሕ ናይ እዘን ዝስዕባ ሰነዳት ስደደልና፡፡

- **[State SNAP]** ወይከኣ **[State TANF]** ወይከኣ **[FDPIR]** ዝተመስከረሉ ዕለት ዘርኢይ ናይ ምስክርነት ሓባሪ ወረቐት ።
- ደብዳቤ ካብ **[State SNAP]** ወይከኣ **[State TANF]** ወይከኣ **[FDPIR]** ቤት-ዝሕፈት ዝተመስከረሉ ዕለት ዘርእይ።
- ናይ EBT ካርድ ኣይትስደድ

2. ንገዛ-ዘይብሉ ወይ ንስደተኛ ወይ ንዝኾብለለ ቆልዓ ዝምልከት ደብዳቤ እንተመጺኡካ ንሓገዝ ብኽብረትካ ምስ [school, homeless liaison, or migrant coordinator] ተራኸብ።.

3. እቲ ቆልዓ ኣብ ትሕቲ መግዚት እንተኾይኑ:
እቲ ቆልዓ ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎ ውድብ ወይከኣ ቤት-ፍርዲ ምኻኑ ዘረጋግጽ ጽሑፍ ኣቕርብ፣ ወይከኣ ነዚ ከረጋግጽ ዝኽእል ወኪል ኣብቲ ውድብ ወከኣ ኣብ ቤት-ፍርዲ ሓብር።

4. . ኣብ ስድራ-ቤትካ ናይ **[State SNAP]** ወይ **[State TANF]** ወይ **[FDPIR]** ሓገዝ ዝወስድ እንተዘይሃለወ:
ምስ እዚ ገጽ እዚ ኣሰኒኻ ስድራ-ቤትካ ካብ ነፍስ-ወከፍ ምንጪ እቶት ክንደይ ከምዘእቱ ዝሕብር ወረቓቕቲ ስደድ። እትሰዶ ወረቓቕቲ ስም ተቐባላይ እቶትን ዝተቐበለሉ ዕለት፣ ክንደይ ከምዝተቐበለ፣ ክንደይ ጊዜ ከምዝተቐበለ ዘርእይ ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ሓበሬታ ናብ: **[address]**ስደዶ።

ተቐባልነት ዘለዎም ወረቓቕቲ:

***ሥራሕ:*** ናይ ደሞዝ ወረቐት ክንደይ ከምዝተተቐበለን ኣብ ክንደይ ጊዜ ከምዝተቐበለ ዘርእይ። ካብ ወሃብ-*ሥራሕ* ሙሉእ ደሞዝን ኣብ ክንደይ ጊዜ ከምዝኸፈሎ ዘርእይ ደብዳቤ፣ ወይከኣ ናይ ባዕልኻ *ሥራሕ* እንተሃለወካ ፣ ወናን ትካል ወይ ሕርሻ ኣንተኾይንካ ናይ ሒሳብ መዝገብካን ናይ ቀረጽ ወረቓቕቲ ።

***ሶሽያል ሰኩሪቲ፣ ጡረታ-ኣበል፣*** *ውህሉል ጡረታ:* ናይ ሶሽያል ሰኩሪቲ ናይ ጡረታ ግቡእካ ዝሕብር ደብዳቤ፣ ናይ ዝረኸብካዮ ናይ ጡረታ እቶት፣ ወይከኣ ናይ ጡረታ-ኣበል ሓባሪ ወረቐት።.

***ምስኣን ሥራሕ፣ ስንክልና ወይከኣ ካሕሳ ሠራሕተኛታት:*** ካብ ናይ ስቴት ቤት-ጽሕፈት ውሕስና ዕዮ መሔበሪ ብቕዓት፣ ናይ ክፍሊት ወረቀት፣ ወይከኣ ደብዳቤ ካብ ቤት-ጽሕፈት ካሕሳ ሠራሕተኛታት.

***ክፍሊት ድሕንነት:*** ደብዳቤ ሓገዝ ዘረጋግጽ ካብ ቤት-ጽሕፈት **[State TANF]** .

***ሓገዝ ቆልዓ ወይ ክፍሊት ፍትሕ:*** ትእዛዝ ቤት-ፍርዲ፣ ሰነድ ስምምዕ ወይከኣ ቅዳሕ ናይ ዝተቐበልካዮ ቼክ።

***ካልእ እቶት (ከም እቶት ክራይ):*** ክንደይ ከምዝተቐበልካ፣ ኣብ ክንደይ ጊዜ ከምትቕበልን ዝተቐበልካሉ ዕለት ዘረጋግጽ ወረቐት።

***እቶት ዘይምህላው:*** ከመይ ንስድራ-ቤትካ መግቢ፣ ክዳውንቲ፣ ገዛ ከምተቕርብን መዓስ እቶት ከምትረክብ ዝሕብር ሓጺር መግለጺ።

***ናይ ወታደር ብሕታዊ መንበሪ መደብ:*** ደብዳቤ ወይ ናይ ክራይ ውዑል መንበሪኻ ኣካል ናይዚ ብሕታዊ መደብ ምኻኑ ዝሕብር።

***ነዞም መረጋገጺ እቶት ንቕበለሉ ናይ ጊዜ ገደብ:*** ብኽብረትካ ናይ ሃደ ወርሒ መረጋጋጺ እቶት ኣቕርብ። እቲ መረጋገጺ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ፣ ናይ ዘለናዮ ወርሒ ወይከኣ ብርሕሪሑ ንዘሎ ወርሒ ክኸውን ይኻል እዩ።

ሕቶ እንተሃልዩካ ወይከኣ ሓገዝ እንተደሊኻ ብኽብረትካ ን **[name]** ኣብ **[phone number]** ደውል. እዚ ናይ ናጻ እዩ. **[Toll free or reverse charge explanation]**. ብ ኢ-ሜል'ውን ኣብ **[e-mail address]** ክትራኸበና ይከኣል እዩ።.

ኣኽባሪኻ

**[signature]**

---

ብሪቻርድ ቢ. ራሰል ሓገራዊ ሕጊ ምሳሕ ቤት-ትምህርቲ ዝፍለጥ ሕጊ ኣብዚ ምልክታ ዝምላኣ ሓበሬታ ኣድላዪ እዩ ይብል። ነዚ ሓበሬታ ናይ ግድን ክትህብ የብልካን፣ እንተዘይሂብካ ግና ንውላድካ ናይ ናጻ ኮነ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ከነፍቅደሉ ኣይንኽእልን ኢና። ዝሃብካና ሓበሬታ ንብቕዓት ውላድካ ንናጻ ወይ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ንምምዛን፣ ከምኡውን ንምምሕዳርን ምትግባርን መደባት ምሳሕን ቁርስን ክንጥቀመሉ ኢና።

መግለጺ ክልኩልነት ኣፈላላይ፡ እዚ መግለጺ እዚ ብማዕርነት ዝጎደሎ ኣሰራርሓ እንተኣጋጠመካ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ዝሕብር እዩ። "ብመሰረት ፌደራላዊ ሕግን ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ሕርሻ መንግስቲ ኣመሪካ፣ እዚ ውድብ ብዘርኢ፣ ብሕብሪ፣ መበቆል ሓገር፣ ፆታ፣ ዕድመን ስንክልናን ኣፈላላይ ክገብር ክልኩል እዩ። ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኣፈላልይ ጥርዓንካ ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington, D.C. 20250-9410 ወይከኣ ብናጻ ናብ (866) 632-9992 (ድምጺ) ደውል. ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይከኣ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎ ሰባት ምስ USDA ብናይ ፌደራል መሰጋገሪ ኣገልግሎት ኣብ (800) 877-8339; ወይከኣ(800) 845-6136 (ስፓንሽ) ብምድዋል ክራኸቡ ይኽእሉ. USDA ወሃብ ማዕርነት ዘለዎ ናይ ሥራሕ ዕድልን ኣሥራሕን እዩ።"

# ምልክታኻ ኣጻሪናዮ ኣሎና

ቤት-ትምህርቲ: ______________________________________________ ዕለት:____________

ዝኸበርካ/ኪ ____________________________:

ብዛዕባ **[name(s) of child(ren)]** ንናይ ናጻ ወይከኣ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ዝምልከት ዝሰደድካልና ሓበሬታ ኣጻሪና ከምዝስዕብ ወሲና ኣሎና:

- ❑ ብቕዓት ውላድካ/ውላዳትካ ኣይተለወጠን።
- ❑ **ካብ [date] ጀሚሩ ፍቓድ መግቢ ውላድካ/ውላዳትካ ካብ ሕሳር-ዋጋ ናብ ብናጻ ተቐይሩ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እቶትካ ኣብ ውሽጢ እቲ ገደባት ናይ ናጻ መግቢ ስለዝኾነ እዩ።** ውላድካ/ውላዳትካ መግቢ ብዘይ ሓደ ክፍሊት ክወሃቦም እዩ።
- ❑ **ካብ [date] ጀሚሩ ፍቓድ መግቢ ውላድካ/ውላዳትካ ካብ ብናጻ ናብ ብሕሳር-ዋጋ ተቐይሩ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እቶትካ ካብቲ ገደብ ንላዕሊ ስለዝኾነ እዩ። መግቢ ዝሓሰረ-ዋጋ [$]** ንምሳሕ ፣ **[$]** ንቁርሲ እዩ።
- ❑ **ካብ [date] ጀሚሩ ውላድካ/ውላዳትካ ንናይ ናጻ ወይ ንሕሳር-ዋጋ በዚ/በዞም ዝስዕብ/ቡ ምኽንያት/ታት ብቑዕ/ብቑዓት ኣይኮነን/ኑን**:
    - ___ ብመሰረት መዝገብና ካብ ስድራ-ቤትካ ናይ **[State SNAP]** ወይ **[State TANF]** ሕገዝ ዝተቐበለ የለን።
    - ___ ብመሰረት መዝገብና ኣብ ስድራ-ቤትካ ገዛ-ዘይብሉ፣ ስደተኛ ወይከኣ ዝኾብለለ ቆልዓ የለን።.
    - ___ እቶትካ ካብቲ ደረት ናይ ናጻ ወይ ናይ ሕሳር-ዋጋ መግቢ ስለዝዛየደ እዩ።
    - ___ እዚ ኣይሃብካናን: ________________________________________
    - ___ ንሕቶና መልሲ ኣንሃብካናን።

ዋጋ መግቢ **[$] ንምሳሕ ከምኡውን [$] ንቁርሲ.** እቶትካ ንታሕቲ እንተወሪዱ ወይከኣ ብዝሒ ስድራ-ቤትካ እንተወሲኹ ደጊምካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ካብ **[State SNAP] ካብ [State TANF]** ወይ ካብ**[FDPIR]** ሓገዝ ዝረከበ የለን ብዝብል ምኽንያት ሓገዝ መግቢ ተነጺግካ እንተኔርካ፣ ኣብ እቶት ዝተመርኮዘ ምልክታ ደጊምካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ናይ ሕጂ መረጋገጺ ብቑዕነት እንተዘየቕርብካ፣ ዳግማይ ምስተመልክት ከተቕርብ ከትሕተት ኢኻ።

በዚ ውሳነ ዘይትሰማማዕ እንተኾይንካ ምስ **[name]** ኣብ **[phone]ምዝርራብ ይከኣል ኣዩ።** ከምኡውን ናይ ይግባኝ መሰል ኣሎካ። ናይ ይግባኝ ጥርዓንካ ክሳብ **[date]** እንተጌርካዮ ውላድካ/ውላዳትካ ናይ ናጻ ወይ ናይ ሕሳር-መግቢ ክሳብ ሓለፍቲ ይግባኝ ዝውስኑ ይቕጽል። ናይ ይግባኝ ጥርዓንካ ብምድዋል ወይከኣ ናብ: **[name]**, **[address]**, **[phone number]**, or **[e-mail] ብምጽሓፍ ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ።**

ኣኽባሪኻ,

**[signature]**

---

መግለጺ ክልኩልነት ኣፈላላይ፡ እዚ መግለጺ እዚ ብማዕርነት ዝጎደሎ ኣሰራርሓ እንተኣጋጠመካ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ዝሕብር እዩ። “ብመሰረት ፌደራላዊ ሕግን ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ሕርሻ መንግስቲ ኣመሪካ፣ እዚ ውድብ ብዘርኢ፣ ብሕብሪ፣ መበቆል ሓገር፣ ፆታ፣ ዕድመን ስንክልናን ኣፈላላይ ክገብር ክልኩል እዩ። ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኣፈላልይ ጥርዓንካ ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington, D.C. 20250-9410 ወይከኣ ብናጻ ናብ (866) 632-9992 (ድምጺ) ደውል. ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይከኣ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎ ሰባት ምስ USDA ብናይ ፌደራል መሰጋገሪ ኣገልግሎት ኣብ (800) 877-8339; ወይከኣ(800) 845-6136 (ስፓንሽ) ብምድዋል ክራኸቡ ይኽእሉ. USDA ወሃብ ማዕርነት ዘለዎ ናይ ሥራሕ ዕድልን ኣሥራሕን እዩ።”

# መሐበሪ ምቕባል/ ምንጻግ ሓገዝ ንስድራ-ቤት

ዝኸበርካ ወላዲ/መግዚት:

ነዚ/ነዚኦም ኣብ ታሕቲ ዝተሰየመ/ሙ ቆልዓ/ዑት ንናይ ናጻ ወይ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ኣመልኪትካ ኔርካ፣

____________________________________ ____________________________________
____________________________________ ____________________________________
____________________________________ ____________________________________

ምልክታኻ:

- ❑ ንናይ ናጻ መግቢ ተቐባልነት ረኺቡ
- ❑ ንሕሳር-ዋጋ መግቢ ብ $ ________ ንምሳሕ, $ _________ ንቁርሲ $ _______ንጠዓሞት ተቐባልነት ረኺቡ
- ❑ በዚ/በዞም ዝስዕብ/ቡ ምኽንያት/ታት ተነጺጉ
  - ❑ እቶት ካብቲ ዝፍቀደሉ ንላዕሊ ከይዱ
  - ❑ ዘይተማልኤ ምልክታ ብምኽንያት ____________________________________________
  - ❑ ካልእ ________________________________________________________

በዚ ውሳነ ዘይትሰማማዕ እንተኾይንካ ምስ **[school official's name]** ኣብ **[phone number]** ወይ ኣብ **[e-mail address]** **ምዝርራብ ይከኣል እዩ።** ነቲ ውሳነ ከማንደገና ክረኣየልካ እንተደሊኻ ናይ ይግባኝ መሰል ኣሎካ። እዚ ከኣ ናብ ኣብ ታሕቲ ዝተሰየመ ሓላፊ ብምድዋል ወይ ብምጽሓፍ ክግበር ይከኣል ኣዩ፡

ስም: ____________________________________________________________

ኣድራሻ: __________________________________________________________

ቁጽሪ ስልኪ: _______________________ ኢ-ሜል_________________________________________

ኣኽባሪኻ,

**[signature]**

____________________________________________________________________________

ስም ማዕርግ ዕለት

---

መግለጺ ክልኩልነት ኣፈላላይ፡ እዚ መግለጺ እዚ ብማዕርነት ዝኅደሎ ኣሰራርሓ እንተኣጋጠመካ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ዝሕብር እዩ። “ብመሰረት ፌደራላዊ ሕግን ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ሕርሻ መንግስቲ ኣመሪካ፣ እዚ ውድብ ብዘርኢ፣ ብሕብሪ፣ ሓገራዊ መበቆል ፣ ፆታ፣ ዕድመን ስንክልናን ኣፈላላይ ክገብር ክልኩል እዩ። ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኣፈላልይ ጥርዓንካ ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington, D.C. 20250-9410 ወይከኣ ብናጻ ናብ (866) 632-9992 (ድምጺ) ደውል. ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይከኣ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎ ሰባት ምስ USDA ብናይ ፌደራል መሰጋገሪ ኣገልግሎት ኣብ (800) 877-8339; ወይከኣ (800) 845-6136 (ስፓንሽ) ብምድዋል ክራኸቡ ይኽእሉ. USDA ወሃብ ማዕርነት ዘለዎ ናይ ሥራሕ ዕድልን ኣሥራሕን እዩ።”

# መሕበሪ ቀጥታዊ ምስክርነት

ዝኸበርካ ወላዲ/መግዚት:

እዚ/ኣዞም ኣብ ታሕቲ ዝተሰየ/ሙ ቆልዓ/ቆልዑት **[State SNAP]** or **[State TANF]** ስለዝቕበሉ ናይ ናጻ ምሳሕ፣ ቁርስን ጠዓሞትን ክወሃብ/ቡ እዩ/እዮም።

| ስም ቆልዓ | ስም ቤት-ትምህርቲ |
|---|---|
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |

ካልኦት ኣብዚ ዘይተመዝገቡ ቆልዑት ስድራ-ቤትካ እንተለዉ ***ንናጻ መግቢ ቅቡላት እዮም።***

እዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንተደኣ ኣጕዋኒፎምኻ ደቅኻ ዝኸድሉ ቤት-ትምህርቲ ተወከስ፡

- ኣብ ላዕሊ ዘይተመዝገቡ ኣባል ስድራ-ቤትካ እንተለዉን ናይ ናጻ መግቢ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክረኣከቡ ኣንተደሊካ
- ደቅኻ ናይ ናጻ መግቢ ክረኽቡ እንተዘይደሊኻ
- ተወሳኺ ሕቶ እንተሃለወካ

**[name]**

**[phone number]**

**[e-mail address]**

ኣኽባሪኻ

**[signature]**

---

መግለጺ ክልኩልነት ኣፈላላይ፡ እዚ መግለጺ እዚ ብማዕርነት ዝኀደሎ ኣሰራርሓ እንተኣጋጠመካ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ዝሕብር እዩ።
“ብመሰረት ፌደራላዊ ሕግን ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ሕርሻ መንግስቲ ኣመሪካ፣ እዚ ውድብ ብዘርኢ፣ ብሕብሪ፣ ሓገራዊ መበቆል ፣ ፆታ፣ ዕድመን ስንክልናን ኣፈላላይ ክገብር ክልኩል እዩ። ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኣፈላልይ ጥርዓንካ ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington, D.C. 20250-9410 ወይከኣ ብናጻ ናብ (866) 632-9992 (ድምጺ) ደውል. ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይከኣ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎ ሰባት ምስ USDA ብናይ ፌደራል መሰጋገሪ ኣገልግሎት ኣብ (800) 877-8339; ወይከኣ (800) 845-6136 (ስፓንሽ) ብምድዋል ክራኸቡ ይኽእሉ. USDA ወሃብ ማዕርነት ዘለዎ ናይ ሥራሕ ዕድልን ኣሥራሕን እዩ።”